# ካብ ተሓላቒ ሓገዝ ምርካብ

## ተሓላቒ መን እዩ?

ሓደ ተሓላቒ ኽትኣምኖ እትኽእልን ኣብ ጐድንኻ ጠጠው ዝብልን ሰብ እዩ።

- ንሰባት እንታይ ከም እትደልን እንታይ ከም ዘድልየካን ንኽትነግሮም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም
- ገለ ሽግር እንተ ኣጋጢሙካ ንሰባት ንኽትነግሮም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም
- ጸገማት ንኽትፈትሕ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም
- ምስ ጉድኣት አካል ወይ ምስ ሕክምና ኣብ ዝተሓሓዝ ዝኾነ ይኹን ጸገም ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም

ኵሉ ሰብ ክሕግዞ ዝኽእል ተሓላቒ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ሓደ ኽኢላ ተሓላቒ ንስራሑ ተሓላቒ ንምኺን ይኽፈል እዩ።

ተሓላቒ ጠበቓ/ክኢላ ሕጊ ኣይኰነን።

ኣብ ኪን (Kin) ዝሰርሑ ተሓለቕቲ ኣለዉ፣ ንሳቶም ከኣ ነቲ ዘተሓሳስበካ ጸገማት ንኽትፈትሖ ኽሕግዙኻ ይጽዕሩ እዮም።

ናይ ኪን ናይ ምሕላቕ ኣገልግሎት ናጻ ኢዩ።

ናይ ኪን ተሓለቕቲ ንስኻ እንተ ደሊኻ ኣብ ክንዳኻ ኾይኖም ምስ ካልኦት ትካላት ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ምስ ኤንዲኣይኤስ፣ ሰንትሪሊንክ፣ ክፍሊ ኣባይቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሆስፒታላት ወዘተ ክንራኸብ ንኽእል ኢና።

ተሓለቕቲ ኽሳዕ 12 ወርሒ ኽሕግዙኻ እዮም።

ናይ ኪን ተሓለቕቲ ምስ ጉድኣት ኣካል ወይ ምስ ሕክምና ዝተተሓሓዘ ዝኾነ ይኹን ጸገም ንምፍታሕ ጥራይ እዮም ክሕግዙ ዝኽእሉ።

ተሓለቕቲ "ሰራሕተኛታት ጒዳይ (case workers)" ኣይኰኑን፣ እዚ ማለት ከኣ ኣብ ኩሉ ክህልወካ ዝኽእል ጸገም ክንሕግዝ ኣይንኽእልን ኢና። ይኹን እምበር ምስ ካልእ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣገልግሎት ከነራኽበካ ንኽእል ኢና።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ**

ናብ:- www.kinadvocacy.org.au ብጻሕ

ተሌፎን:- 9388 7455

Kin | Formerly Ethnic Disability Advocacy Centre

